ሃገራዊ ኮምሽን ምጥያስ ፡ መደብ ምጥያስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንምትግባር ምድላዋት ይገብር ከምዘሎ፥ ኮምሽነሩ ዶ/ር ተኸስተ ፍቓዱ ሓቢሩ።

--------0--------

ሃገራዊ ኮምሽን ምጥያስ፥ መደብ ምጥያስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንምትግባር ምድላዋት ይገብር ከምዘሎ፥ ኮምሽነሩ ዶ/ር ተኸስተ ፍቓዱ ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ሓቢሩ።

ዶ/ር ተኸስተ ኣብ መብርሂኡ፥ መደብ ምጥያስ፥ ንጉዳያት ምክልኻልን ልምዓትን ሃገር ኣብ ግምት ብምእታው ምስ ምዕባለታት መስርሕ ሰላም ተዛማዲዱ ብሰለስተ ገጻት ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል ገሊጹ። መስርሕ ምጥያስ ሰለስተ መድረኻት፥ ማለት፥ ምፍናው፥ ምእላይ ከምኡውን ምውህሃድ ከምዝሓቍፍ ከኣ ኣረዲኡ።

ንሱ ከምዝሓበሮ፥ እቲ ቀዳማይ መድረኽ ማለት መደብ ምፍናው፥ ኣብ ውሽጢ ዓመትን መንፈቕን ክሳብ ክልተ ዓመት ክፍጸም እዩ። መስርሕ ምጥያስ በቲ ቀዳማይ መድረኽ ስለዘይዛዘም ግን እቲ ኮምሽን ክሳብ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዓመት ክቕጽል እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዝፋኖ፥ ኣብ ሕብረተሰብ ክሳብ ዝወሃሃድን ማሕበራውን ቁጠባውን ቦታኡ ክሳብ ዝድልድልን ንውሕ ዝበለ ግዜ ስለዝወስድ፥ እቲ ኮምሽን ነዚ ሓላፍነት ዚ ንምፍጻም ስርሑ ክቕጽል እዩ። በዚ መሰረት እቲ ኮምሽን፥ ናይ ዝሓለፈ ተመክሮ ገምጋም ብምግባርን ሓፈሻዊ ዳህሳስ ብምክያድን ኣፈናዊ ናይ ስራሕ ውጥናቱ ሓንጺጹ ኣሎ። ኣብዚ ብምምርኳስ፥ ናይ ፈተነ ፕሮጀክት ድሕሪ ምክያዱ፥ ኣብዚ ዝስዕብ ቀዳማይ ገጽ ኣስታት 60 ሽሕ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ክጣየሱ እዮም። ጠቕላላ ብዝሒ ናይቲ ዝጣየስ ዓቕሚ ከኣ ኣስታት 200 ሽሕ ከምዝበጽሕ ተገሚቱ ኣሎ።

ዶ/ር ተኸስተ ኣብ መግለጺኡ፥ ኣብዚ እዋን ዚ ዝካየድ መደብ ምጥያስ፥ ሃገራዊ ኣገልግሎት፥ ዝኸተቱ ተጋደልትን ዕቑር ሰራዊትን ከምኡ ውን ካብ ምዱብ ሰራዊት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ሰራዊት ክቕጽሉ ዘይክእሉ፥ ዘጠቓልል ምዃኑ ብምጥቃስ፥ ምስቲ ኣብ 1994 ዝተኻየደ መደብ ምጥያስ፥ ብዓይነትን ብብዝሕን ፍልልይ ከምዘለዎ ኣገንዚቡ። እቲ ብ1994 ዝተጣየሰ ተጋዳላይ ንነዊሕ ዓመታት ካብ ሕብረተሰብ ተነጺሉ ብምጽንሑ ብማሕበራዊ፥ ቁጠባውን ባህላውን መዳይ ምስ ሕብረተሰብ ንምውህሃዱ ከቢድ ከምዝነበረን ብዓቕምን

መገድን መንግስቲ ኤርትራ ከምዝተኻየደን ብምዝኽኻር ድማ፡ ኣብዚ እዋን ዚ ዝካየድ መደብ፡ ዝተዓጻጸፈ ቁጽሪ ኳ እንተለዎ፡ ብመንጽር ምውህሃዱ ምስ ሕብረተሰብ ክርአ ከሎ ዝሓሸ  ዕድል ከምዘለዎ ኣረዲኡ።

ምስዚ ኣተሓሒዙ ዶ/ ር ተኸስተ፡ ሃገራዊ መደብ ምጥያስ ብቐዳምነት ናይ መንግስቲ ሓላፍነት ኳ እንተኾነ፡ ተጣየስቲ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ብሕታዊ ክፋልን ሕብረተሰብ ብዓቢኡን ረዚን ሓላፍነት ከምዘለዎም ኣዘኻኺሩ። ከም ኩሉ ሃገራዊ መደባትና እዚ ናይዚ መድረኽ ዚ መሰረታዊ ዕማም ኮይኑ ዘሎ መደብ ምጥያስ ውን ብተሳታፍነት ህዝብን ዝምልከቶም ተጣየስትን ከምዝዕወት ከኣ እምነቱ ገሊጹ።

ቀጺሉ፡ ኣብዚ መደብ ዚ፡ ባንክ ዓለም፡ ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ካልኦት መንግስታት፡ ኣህጉራውያን ትካላትን ማሕበራት ግብረሰናይን ብምወላን ምኽርን ክተሓባበሩ ምኽኣኖም ኣብሪሁ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ “ እቲ ኩቲቱ ልኡላውነት ሃገር ዘኽበረ ኣባል ሓይልታት ምክልኻል፡ ተጣይሱ ሽግር ስድራቤቱ ኣብ ምቅላል ይኹን ንሃገራዊ ልምዓታዊ መደባት ንቕድሚት ኣብ ምድፋእ መሰረታዊ እጃም ኣለዎ” ብምባል፡ እቲ በብመድረኹ ዝካየድ መደብ ምጥያስ ዓቢ ሃገራዊ ረብሓ ከምዘለዎ ኣረጋጊጹ። ነቲ ኣብ ምክልኻል ሃገር ብጽንዓትን ተወፋይነትን ዝተፈጸመ ቅያ፡ ኣብ ልምዓት ሃገር ከምዝደግሞ ከኣ ኣገንዚቡ። ኣብ መደምደምታ፡ ዶ/ር ተኸስተ፡ ኮምሽን ምጥያስ፡ ኣካላት መንግስትን ኣህጉራውያን መሻርኽትን ዝገብርዎ ደገፍ ንበይኑ ኣኻሊ ከምዘይኮነ ብምምልካት፡ እቲ ወሳኒ ንናይ ተጣየስቲ ርእሰ ምትእምማን ዝድርኽ ተበግሶ ምኳኑ ኣስሚሩሉ።

ዶ/ር ተኸስተ ብዘይካዚ፡ ኣብ ርእሲ ቲ ክሳብ ዞባታት ዝዝርጋሕ ናይቲ ኮምሽን ኣቃውማ፡ ምስቲ ኮምሽን ኮይኑ ዝዓዪ ሓይሊ ዕማም ሚኒስትሪ ምክልኻል ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሃገራዊ ኮምሽን ምጥያስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብመሰረት ቲ ብ10 ሚያዝያ ዝወጸ ኣዋጅ ብ 7 ሰነ ብወግዒ ከምዝቖመን፡ ኮምሽነር፡ ምክትል ኮምሽነርን ጸሓፍን ከምዝተመዘዘሉን ይዝከር።                 -------- ኣዜኤ-------